**ሓፈሻዊ ጸብጻብ ውጽኢት ኣኼባ**
**ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን (1ይ ወገን)**
**ኣብ ኦክላንድ ካሊፎርኒያ**

ብዕለት 14 ሚያዝያ 2007 ዓ.ም. ተጋዳላይ ብርሃነ የማነ (ሃንጀማ) ንኪዳን 1ይ ወገን ወኪሉ፤ ኣብ ዘካየዶ ህዝባዊ ኣኼባ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ህሉዊ ኩነታት ሃገርናን ዞናናን ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ። እቲ ኣውራ ዘተኰረሉ ውጽኢት 2ይ ጉባኤ ኪዳን ኮይኑ ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፣ ንኪዳን ቐዳማይ ወገን ሒዝዎ ዘሎ ሃገራውን ደሞክራስያውን መደባት ንምዕዋት ናይ ኩሉ ደገፍ ከምዘድሊ ኣተሓሳሲቡ።

ዳርጋ ኩሎም ኣብ ፖለቲካ ሃገርና ዝነጥፉ ውድባትን ባእታታትን ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቦም ንመግለጺኡ ድሕሪ ምስማዕ ዘለዎም ርእይቶታትን ሕቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም። ርግኣት ዝዓሰሎ ኣኼባ ተኻይዱ። ዓቐን ተሳተፍቲ ምስዝሓለፈ ኣኼባታት ብምንጽጻር ኣዝዩ ብዝሒ ዝበለ ነይሩ።

ተጋዳላይ ብርሃነ ዘቕረቦ መግለጺ ንምዕብልናታት ሃገርና ብቐረባ ክከታተል ዝጸንሐ ሓድሽ ኣይነበረን። ኣ/መንበር ባይቶ ኪዳን ብምንባሩን ብኣካል ዝተዋሰአ`ኣባል ባይቶ ብምዃኑን ነቲ ኣኼባ ፍሉይን ኣገዳስን ይገብሮ። ኣብ መግለጺኡ ዘትኮረሎም ነጥብታት፡

1. እተን ንነዊሕ ግዜ ናይ ሓድነት ዕንቅፋት ዝነበራ ዓንቀጻት 4ን 5ን ከልግሳ ምኽኣለን ጉባኤ ኪዳን ዘመዝገቦ ዓቢ ዓወት ምኻኑ።
2. ንጉዳይ መጠናዊ ውክልና ብዝምልከት ዝቐረበ መጽናዕቲ ስለዘይነበረ ዋላኳ ነዊሕ ክትዓት ይውሰድ ብስምምዕ ክንወጽእ ኣይተኽእለን። ብወገና ምእንቲ ሓድነት ኪዳን ነቲ ኩለን ውድባት ብማዕረ ይወከላ ዝብል እማመ ተቐቢልና ሰጊርናዮ። እዚ ግን ቅኑዕ መልእኽቲ ወይ ውሳኔ ከየሕለፈ ከምዝተረፈ ብሩህ እዩ።
3. ኣብ ምቛም ፈጻሚ ቤ/ጽ ዘይተጸበናዮ ጸገም ገጢሙና። ውሳኔታት ብ2/3 ይሓልፍ ዝብል ዓንቀጽ ኣብ ህንጻ ካብ ቀደም ኔሩ እዩ። እዚ ዝተመሓየሸ ቻርተር ድማ ብ3/4 ድምጺ ውሳኔ ይሓልፍ ይብል። ዝጸንሐ ተሞክሮና ግን ብምርድዳእ ኣብ ድምጺ ከይተበጽሐ ይፍጸም ኔሩ። 50+1 ተጠቒምና ኣይንፈልጥን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ቻርተርና ይኹን ቅዋምና ኣቦ መንበር ብ50+1 (Simple majority) ይምረጽ ዝብል ሕጊ ኣይነበረን። ይኹንምበር ኪዳን ካልኣይ ወገን በዚ ክኸዱ መሪጾም። ምምራጽ መሪሕነት ኣገዳሲ እዩ፤ ፖለቲካዊ ውሳኔ'ውን እዩ፡ ንቻርተር ኣብ ምዕዋቱ ወይ ምፍሻሉ ወሳኒ ተራ ስለዘለዎ ብመትከል ክንቃወሞ ወሲንና።
4. ቻርተር ምምሕያሽ ዓቢ ዓወት'ዩ፡ ንዓቅቦ፡ ብፍሽለት ኣይንምዘኖ። ፍልልያት ምግፋሕን ንድሕሪት ምምላስን ኣየድልን። ክልቲኡ ወገናት ኪዳን ኣብቲ ብሓባር ዘጽደቖ ቻርተር ተማእዚዙ ንፍልልያቱ ዘጻብብ ቀጻሊ ርኽክባት ክካየድ ብወገና ኣድላይነቱ ንርኢ። ነዚ ንምዕዋት ድማ ኣድላዪ ጻዕርታት ከነካይድ ኢና።
5. ኣብ መንጎ ሰልስቲኡ ውድባት ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ። ኣብኡ ተሞርኲስና ነብስና ሰሪዕና ብደረጃ ጨናፍር ንንቀሳቐስ ኣሎና። እዚ መስርሕ እዚ ምምዕራይን ጊዜን ዝሓትት ጉዳያት ስለዘሎዎ ብትዕግስቲ ከምዝማላእ ንምግባር ምጽዓር የድልየና።

ብድሕሪ'ዚ ንሕቶን ርእይቶን ለበዋን ዕድል ተዋሂቡ።
ተጋዳላይ ብርሃነ የማነ ንኹሉም ዝቐረቡሉ ሕቶታት ግቡእ መልስታት ሂቡሎም። ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ፡

1. ህግደፍ ወዲቑ ባዶነት እንተተፈጥረ፤ እንታይ ዝቐረብኩሞ ኣሎ:

መልሲ፡ ባዶነት ንኸይፍጠር ብቕዳምነት ክነተኩረሉ ዘሎና ምጥርናፍን ምውህሃድን ናይ ተቓውሞ ሓይልታትን ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻን እዩ። ከምቲ ኣብ መደብና ኣስፊርናዮ ዘሎና ድሕሪ ውድቀት ህግደፍ ዝትከል መሰጋገሪ መንግስቲ ካብ ናይ ተቓውሞ ውድባት ወጻኢ ዘሎ ኣካል ህዝብና ዝሓቑፈ ክኸውን ኣለዎ። ነዚ መትከላዊ እምንቶና'ዚ ንምዕዋት ክኸይድ ዝጸንሐ ቃልሲ ሓጊኑ ክቕጽል ይግባእ።

2. ኣብ ኤርትራ ስርዓት ህግደፍ ኣልጊስካ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ናይ ጐረባብቲ ሃገራት ኢድ ኣእታውነት ትቕበሉ ዲኹም።

መልሲ፡ ሽግርና ባዕልና ምበር ብናይ ደገ ሓይሊ ክፍታሕ ተጸቢና ወይ ሓሊምና ኣይንፈልጥን፤ ኣይነበረን ኣይክህሉን'ዩ'ውን።

3. ኣብ ኪዳን (1ይ ወገን) ዘለዋ ውድባት ብመሰረት ዝተቐራረበ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮኣን ኣብ ሓደ ክህልዋ ከለዋ፤ ኣብ ምልጋስ ስርዓት ህግደፍ ዝኸተልኦ ኣገባብ ቃልሲ ግን ይፈላለያ እየን፡ ንኣብነት ሰልፊ ደሞክራሲ ብሰላም ጥራይ ዝኣምን፤ ብረታዊ ስጉምቲ ዘይድግፍ እዩ። እዚ ክሳዳዊ ፍልልይ'ዶ ኣይኮነን፡

መልሲ፡ ኵልና ህግደፍ ከልግስ ስለንሰማማዕ ናይ ሜላ ድኣምበር ክሳዳዊ ፍልልይ የለን፡ ኵልና'ውን እንተኾነ ብቕዳምነት ብሰላም ኢና ንመርጽ፤ ኣድላይ ምስዝኸ'ውን ጥራሕ ኢና ብረት'ውን ክንጥቀም ንግደድ። ኣብቲ ቐንዲ ጉዳይ ማለት ሓይሊ ምክልኻል ኤርትራ ጸላኢና ከምዘይኮነ ምሉእ ብምሉእ ንሰማማዕ ኢና።

ኣብ መደምደምታ ብተሳተፍቲ ዝቐረቡ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣብዚ ዝስዕብ ክጠቓለል ይኽእል

- መነባብሮ ህዝብና ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍኤ ይኸይድ ኣሎ። መንእሰይ ኤርትራ ኣደዳ ስደትን ማእሰርትን ኮይኑ ይርከብ። ብሰንኪ ጸሕታሪ ባህርያት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ውግእን ዓጸቦን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣንጸላልዩሉ ኣብ ዘሎ እዋን ክልቲኡ ኣካላት ኪዳን ተዋሃሂዱ ክሰርሕ ነተሓሳስብ።

ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!
ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!

ሽማግለ ኪዳን ቀዳማይ ወገን
ኣብ ቤይ ኤርያ ካሊፎርኒያ
20 ሚያዝያ 2007